ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን

Catholic Eparchy of Keren – Eritrea

P.O. Box 460 Tel. +291- 1 – 401 907

Fax. +291 – 1 – 401 604

Email: debanma@gmail.com

ዕለት /Date: 25 February 2012

ቍ.መዝ/ Ref. No.

ዝኸበርኩም ቀመሳትን
ውሉደ ክህነትን ምእመናን
ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን

አቀዲመ ክርስቶሳዊ ሰላምታይ እናቕረብኩ ዘመነ ጾም ናይ ንስሓን ጸጋን ክኾነና እናተመነኹ ንቅድስና ይግበረልና።

ብኪዳነምሕረት የካቲት ፳፬ (24 **February 2012**) ብፍቃድ እግዚአብሔርን ብሥምረት መንበረ ጴጥሮስን ቅዱስ ኣቦና ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት በነዲክቶስ መበል 16፡ አብ ሃገርና አብ <u>ከተማ ሠገነይቲ ደብረ ቅ. ሚካኤል ዝመንበሩ ሓዳስን ራብዓይትን ኤጳርቅና ክትቀውም</u> ወሲኖም አለዉ።

ናይዛ ሓዳስ ኤጳርቅና ቀዳማይ ጳጳስ ኮይኖም ከገልግሉ ንጥቀ ክቡር ኣባ ፍቅረማርያም ሓጐስ፡ ካህን ኤጳርቅና አሥመራ ከምዝመረጽዎም ብወግዒ ነበሥረኩም።

እዚ ኩነት እዚ ንስብከተ ወንጌል ዘበርትዕን፡ ንዕብየት ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ሃገርና ዘደልድን እዩ እሞ፡ ሕዝበ እግዚአብሔር፡ብምምሥራት ሓዳስ ኤጳርቅና ንኣምላኽ ክነመስግን፡ ነቶም ነዚ መዚ ዝተጸውዑ ሥዩመ ጳጳስ ከእ ኃይልን ጥበብን ክህቦም ብጸሎት ክነሰንዮም ሓደራ እብል።

ብዛዕባ ሢመተ ጵጵስና ዝምልከት አብ ጊዜኡ ክንሕብረኩም ኢና።

ልዑል እግዚአብሔር ንቤተክርስቲያንን ሃገርናን ይባርኽ!!

+ ኣባ ኪዳነ
በጸጋ እግዚአብሔር ወበሥምረት መንበረ ጴጥሮስ
ጳጳስ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን